ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية -حيدرى

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI**

# <u>ኣባላት ግሃደኤ-ሕድሪ ጨንፈር ኢትዮጵያ ነበርቲ ኣዲስ ኣበባ ኣኼብኦም ኣሰላሲሎም፡</u>

ኣባላት ግሃደኤ-ሕድሪ ጨንፈር ኢትዮጵያ ነበርቲ ኣዲስ ኣበባ ብክፍሊ ውደባ ዝተመርሐ ኣኼባ ኣሰላሲሎም፡ እቲ 26 / መጋቢት / 2017 ዝተኻየደ ኣኼባ መጀመርታ ኩሉ ኣባል ውድብ ምእንቲ ጽዑይ ሓበሬታ ክህልዎ ብዛዕባ ውድቡ፡ ህሉው ኩነታት ውድብ ካበይ ናበይ ብዝእምት ብመልክዕ ሓበሬታ ምስቀረበ፡ ኣብ እዚ ሕጂ እዋን ብዘይ ምግናን እቶም ኣብ ውሻጠ ውድብና ኣትዮም ስሩዕ ናይ ቃልሲ መደባትና ከይነሳላስል ዕንቅፍትን ኣደዳ ጸለመን ሕድ-ሕድ ምጥርጣራትን ዝገብሩና ዝነበሩ ውልቀ ሰባት ነብሶም ካብ መስመር ቃልሲ ብምግላሎም ሳላ ጻዕሪ መላእ ኣባላት ውድብ ኣብ ዘተኣማምንን ኣብ ተኣማሚንካ እጃማካ እተወፍየሉ ናይ ቃልሲ ደረጃን በጺሕና ምህላውና ተገሊጹ፡፡

ድሕሪ እዚ ሓበሬታ፡ እቲ ኣጀንዳታቱ ሰሪዑ ንኣስታት ኣርባዕተ ሰዓታት መንፈስ ቃልሲ ብዝተወነኖ ተሳታፍነት ዝቐጸለ ኣኼባ፡ ጎድኒ-ጎድኒ ኣንጻር ህግደፍ ኣብ እንገብሮ ዘለና ቃልሲ፡ መታን ኩሉ ኣባል ሕብረተ-ሰብና ተዛማዲ ርድኢትን ምብዳህ ኣንጻር ጭቆናን ክህልዎ ከም ውድብ ሓያል ወፈራን ጎስጓስን ክንገብር ከምዝግባእ ተዘትይሉ፡፡

ኣብ እዚ ኣኼባ ሓደ ካብ እቲ ብዕምቀት ዝተዘተየሉ ኣጀንዳ፡ ዝኾነ ይኹን ዜጋ ብፍላይ ከኣ ኣባላት ውድብ ብጸበብቲ ጥርናፈታት ከይዳናገሩ ምእንቲ፡ ነቶም ኣብ እዚ ሕጂ እዋን ብብዝሒ ዝንዝሑ ዘለዉ ጫሌዳ ቃልስን ጓል መገዲ ምንቅስቓሳትን ብግቡእ ብምምዛን ንሓድነት ህዝብን ሃገርን ኣብ ምሕያል ክሕግዙ ዝኽእሉ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ውድብናን ራኢ ቃልስናን ዝተመርኮሰ ጎስጓሳት ከነካይድ ነብሲ-ወከፍ ኣባል ውድብ ሓላፍነት ክወስድ ከምዝግባእ ኣኼበኞታት ኣስሚሮሙሎም፡፡ ኣብ መጨረሽታ እዚ ርክብ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት መሰጋገሪ መሪሕነት ፈጻሚ ኣካል ናብ ኩሉ መሰረታት ውድብ ከም መምርሒ ዝተላእከ ዘዋሪ መልእኽቲ ተነቢቡ፡፡

ኣባላት ግሃድኤ-ሕድሪ ጨንፍር ኢትዮጵያ ነበርቲ ኣዲስ ኣበባ 19 / መጋቢት / 2017 ሓድሽ ዳግመ ስርርዕን ተመሳሳሊ ናይ ዘተ መደባትን ኣካይዶም ምንባሮም ካብ እቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ብተወሳኺ የብርህ፡፡

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!!
ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር!!!
27 / መጋበት / 2017
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ-ሕድሪ